UK Health Security Agency

NHS

# ክታበት ኮቪድ-19

## ድሕሪ ምውሳድኩም ከጋጥመኩም ክትጽበይዎ ዝግባእ



ሕጂ ክታበት ኮቪድ-19 ንዝወሰዱ ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ

ናብ'ዚ ቀጺሉ ተጠቒሱ ዘሎ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸቡ፦ nhs.uk/CovidVaccine

# ዝርዝራት ትሕዝቶ

እቶም ክኽሰቱ ዝኽእሉ ጐድናዊ ሳዕቤናት ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም?

---

ክታበታት ናብ ዘይስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ናብ ዝኾነ መድመይቲ ከቃልዑ ከምዝኽእሉ ሰሚዐ ኣለኹ።

---

ብዛዕባ ዝረኣዩኒ ምልክታት ሕማም ስክፍታ ምስዝስምዓኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

---

ካልኦት ከበድቲ ዝበሃሉ ጐድናዊ ሳዕቤናት ከ ኣለዉ ዶ?

---

ክታበት ድሕሪ ምውሳደይ ን 15 ደቓይቕ ኣብ'ቲ ቦታ ክጸንሕ የድልየኒ ዶ?

---

ናብ መዓልታዊ ንጥፈታተይ መዓስ ክምለስ እኽእል?

---

እዚ ክታበት እዚ ካብ ሕማም ክከላኸለለይ ድዩ?

**ብዛዕባ እዚ ክታበት እዚ፡ ማለት እንተላይ ብዛዕባ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጐድናዊ ሳዕቤናቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ ናይ ኮሮናቫይረስ ብጫ ካርድ (Coronavirus Yellow Card) ብምድህሳስ፡ ነዚ ፍርያት ዝምልከት ሓበሬታ ንዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ ኣንብቡ።**

**ብመገዲ እዚ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ እዚ ወይ መተግበሪ ብጫ-ካርድ ኣውሪድኩም ብምጽዓን እውን ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ሓበሬታ ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።**

**yellowcard.mhra.gov.uk**

**እቶም ብዝያዳ ናብ ተኽእሎ ሓደጋ ሕልኽላኻት ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) እተቓልዑ ሰባት፡ ክታበት ኮቪድ-19 ክወሃቦም እዩ። እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ክታበት ኮቪድ-19 ድሕሪ ምውሳድኩም ከጋጥሙኹም ክትጽበይዎም ብዛዕባ ዝግባእ ተርእዮታት ዝሕብር እዩ።**

## እቶም ክኽሰቱ ዝኽእሉ ጐድናዊ ሳዕቤናት ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም?

ከም ኵላቶም መድሃኒታት፡ ክታበታት እውን ጐድናዊ ሳዕቤን ክህልዎም ይኽእል እዩ። ዝበዝሑ ካብ'ዞም ምልክታት እዚኣቶም ፍኹስ ዝበሉን ንሓጺር እዋን ጥራይ ዝጸንሑን ኰይኖም፡ ኣብ ኵሉ ዝኽተብ ሰብ ይረኣዩ እዮም ማለት እውን ኣይኰነን። እቶም ልሙዳት ዝኾኑ ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ዝጅምሩ ኰይኖም፡ ንሒደት መዓልትታት ክቕጽሉ ተኽእሎ ኣለዎም።

እዞም ምልክታት እዚኣቶም፡ እዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዘለዉን ካልኦትን እዮም፦-

- መርፍእ ኣብ እተወግአ ቅልጽም ዝፍጠር ኣቓንዛዊ ስምዒት ክብደትን ቁሩብ ሕበጥን
- ስምዒት ድኻም
- ቃንዛ ርእሲ፡ ቅርጥማትን ስምዒት ገብገብ-ምባልን

ንሓደ ወይ ክልተ መዓልትታት ዝቕጽሉ እሞ ቀብቀብ ብምባልን ብገብገብታን ዝተሰነዩ - ምስ ናይ ኢንፍሉዌንዛ ዝመሳሰሉ ምልክታት ሕማም እውን ክረኣዩኹም ተኽእሎ ኣሎ። ይኹንምበር፡ ልዑል ኣካላዊ ረስኒ ምስዝረኣየኩም፡ ኮቪድ-19 ወይ ካልእ ኣካላዊ ረኽሲ ከምዘለኩም ዘመልክት ክኸውን ይኽእል (ኣብ ገጽ-4 ንዝርከብ ምኽሪ ተመልከቱ)። ንኽሕሸኩም፡ ኣዕሪፍኩም ንቡር መድሃኒታዊ ዓቐን ፓራሴታሞል ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ ባኮ ናይዚ መድሃኒት ንዝርከብ ምኽሪ ኣተግብሩ ኢኹም)።

ከም ዘይንቡር ጐድናዊ ሳዕቤን ክውሰድ ዝከኣል፡ ናብ ወገን ናይቲ መርፍእ ክታበት እተወግኣት ቅልጽም ኣብ ዝርከብ ጽኪ ትሽትሽ ወይ ክሳድ ሕበጥ ከጋጥም እንከሎ እዩ። እዚ ንኣስታት 10 መዓልትታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ንልዕሊ እዚ እዋን እዚ ምስዝጸንሕ ግን ናብ ዶክተር ቅረቡ ኢኹም። ድሕሪ ክታበት ምውሳክድን፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት ናይ ጡብ ራጂ ክካየደልክን እንተኾይኑ፡ ናብቲ መርመራ ክትቀርባ እንከለኽን ክታበት ወሲድክን ከምዝቐነኽን ሓብራ ኢኽን።

## ክታበታት ናብ ዘይስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ናብ ዝኾነ መድመይቲ ከቃልዑ ከምዝኽእሉ ሰሚዐ ኣለኹ።

ምስ ወርሓዊ ጽግያት ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ኣዝዮም ልሙዳት ኰይኖም፡ ከም ጸቕጢ ኣእምሮን ናይ ሓጺር እዋን ሕማም ዝኣመሰሉ ከም ጠንቂ ናይዚ ክጥቐሱ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣለዉ።

ገለ ደቀንስትዮ፡ ክታበት ድሕሪ ምውሳደን፡ ኣብ'ታ ወርሒ ወይ ብድሕሪኡ፡ ክብድ ዝበለ ተርእዮ ዘለዎ ወርሓዊ ጽግያት ክረኣየን ተኽእሎ ኣሎ። ገለ ደቀንስትዮ ክታበት ድሕሪ ምውሳደን ኣብ ወርሓዊ ጽግያተን ፍልይ ዝበለ ተርእዮ ከምዘጋጠመ እኳ እንተሓብራ፡ ናይዚ ምኽንያት እቲ ዝወሰዳኦ ክታበት ምዃኑ ዘረጋግጽ መርትዖ ግን የልቦን።

## ብዛዕባ ዝረኣዩኒ ምልክታት ሕማም ስክፍታ ምስዝስምዓኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እዞም ምልክታት ሕማም እዚኣቶም፡ ከም ንቡር፡ ንትሕቲ ናይ ሓደ ሰሙን እዋን ጥራይ ዝጸንሑ እዮም። እቶም ዝረኣዩኹም ምልክታት ሕማም እናኸበዱ ምስዝኸዱ ወይ ካልእ ስክፍታ ምስዝህልወኩም፡ ናብ ኤን.ኤች.ኤስ./NHS ብቑጽሪ ተሌፎን 111 ደውሉ ኢኹም። ምኽሪ ደሊኹም ናብ ዶክተር ወይ ነርስ ምስእትቐርቡ፡ ንኹነታት ጥዕናኹም ብዝግባእ ክምርምርዎ ምእንቲ፡ ከምዝተኸተብኩም ሓብርዎም ኢኹም (ናይ ክታበት ካርድኹም ኣርእይዎም)።

ብመገዲ ውጥን ብጫ-ካርድ (Yellow Card scheme) እውን ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ክታበታትን መድሃኒታትን ሓበሬታ ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብቐጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንብጫ ካርድ ብምፍታሽ ድዩስ መተግበሪ ብጫ-ካርድ ኣውሪድኩም ብምጽዓን ከተተግብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።



# ካልኦት ከበድቲ ዝበሃሉ ጐድናዊ ሳዕቤናት ከ ኣለዉ ዶ?

ስሕት ኢሉ፡ ድሕሪ ምውሳድ ክታበታት ኮቪድ-19፡ ማለት ፋይዘር/Pfizerን ሞደርና/Modernaን፡ ተርእዮታት ነድሪ ልቢ (ማዮካርዲቲስ`ወይ ፐሪካርዲቲስ`ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ከምዘጋጠመ ተፈሊጡ ኣሎ። እዞም ተርእዮታት እዚኣቶም ኣብ ነኣሽቱ ደቂ-ተባዕትዮ ዘጋጠሙ ኰይኖም፡ ድሕሪ ምውሳድ ክታበት ሓያለይ መዓልቲ ጸኒሖም እተኸስቱ እዮም።

ዝበዝሑ ካብኦም ሰባት ዕረፍቲ ድሕሪ ምውሳዶምን ቅልል ዝበለ ሕክምና ምስረኸቡን፡ ሓውዮምን ሒሽዎምን።



**ክታበት ድሕሪ ምውሳድኩም እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ዘለዉ ምልክታት ምስዝረኣዩኹም፡ ተቓላጢፍኩም ሕክምናዊ ምኽሪ ክተናድዩ ይግባእ፦**

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ
- ሕጽረት ትንፋስ
- ስምዒት ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ፍጥነትን ቀጻልነትን ዘለዎ ኣተሃራርማ ልቢ፡ ወይ ሂር-ሂር ዝብል ህርመት ልቢ

## ክታበት ድሕሪ ምውሳደይ ን 15 ደቓይቕ ኣብ'ቲ ቦታ ክጸንሕ የድልየኒ ዶ?

ምክታበታት ፋይዘር/Pfizerን ሞደርና/Modernaን ክንጥቀመሉ ምስጀመርና፡ ንሰባት፡ ኵነታቶም ንምግምጋም፡ ን 15 ደቓይቕ ከይከዱ ከምዝጸንሑ ንገብር ኔርና። ድሒሩ ትሑት መጠን ተርእዮ ኣካላዊ ቊጥዐ ከምዘሎ ግንዛበ ስለእተረኽበ፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ነቶም ኣብቶም ኣቐዲሞም እተዋህቡ ክታበታት ኮቪድ-19 ከቢድ መልሰ-ግብሪ ናይ ኣካላዊ ቊጥዐ ዘርኣዩ ሰባት ጥራይ እዩ ክጸንሑ ዘድልዮም።

ይኹን እምበር ተኽእሎ ሓደጋ ናይ ዕውለት/ሃለፍታ ንምውጋድ ዝኣክል፡ ሓደ ሰብ እኳ ቅድሚ ናይ 15 ደቓይቕ እዋን ተሽከርካሪት ክመርሕ ኣይግባእን።

## ናብ መዓልታዊ ንጥፈታተይ መዓስ ክምለስ እኽእል?

ምስ ሓሸኩም ናብቶም ንዓኹም ንቡራት ዝበሃሉ ንጥፈታትኩም ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኹም። ብፍላይ ኣብ ኢድኩም ገና ናይ ቊስሊ ስምዒት ምስዝህልወኩም፡ ከቢድ ነገር ምልዓል/ምስፍሳፍ ከሸግረኩም ይኽእል እዩ። እንተተጸሊኡኩም ወይ ኣካላዊ ድኻም ምስዝብርትዓኩም፡ ከተዕርፉን ማሺነሪ ይኹን ማኪና ካብ ምቕላስ ክትቊጠቡን ይግባእ።

## እዚ ክታበት እዚ ካብ ሕማም ክከላኸለለይ ድዩ?

እቶም ኣቐዲምኩም ዝወሰድኩሞም ክታበታት ኮቪድ-19 ንክባደት ሳዕቤን ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ክንክይዎ ከምዝኸኣሉ ተራእዩ ኣሎ።

ኣካላትኩም ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክሳብ ዝድልብ፡ እቲ ቀዳማይ መድሃኒታዊ ዓቕን ካብ ዝወስድኩሙሉ እዋን፡ ሒደት ሰሙናት ክወስደሉ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ይኹን መድሃኒታዊ ዓቕን ድሕሪ ምውሃቡ፡ ኣካላትኩም ቅልጡፍ መልሰ-ግብሪ ከርእይ ይግባእ (ድሕሪ ሒደት መዓልትታት)። ከም ዝኾነ ይኹን ዓይነት መድሃኒት፡ ምሉእ-ብሙሉእ ውጽኢታዊ እዩ`ክበሃል ዝከኣል ክታበት የልቦን። ስለዚ፡ ተኽእሎ ረኽሲ ንምውጋድ፡ ቀጺልኩም፡ ክስዕብ ኣብ ዝኽእል ተርእዮ ዘድሃበ ምሉእ ጥንቃቐ ክትገብሩ ይግባእ።  ገለ ሰባት ክታበት ወሲዶም ከብቅዑ ኮቪድ-19 ክሕዞም ይኽእል እዩ። ይኹንምበር ክብደቱ ከቢድ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።.

እዚ ክታበት እዚ ረኽሲ ኮቪድ-19 ከስዕበልኩም ዝከኣል ኣይኰነን፤ ክሳብ መወዳእታ ተ?ኻታቲልኩም ምስእትወስድዎ ድማ ብኸቢድ መልከፍቲ ና?ይዚ ሕማም እዚ ክትተሓ?ዙ ንዘሎ ተኽእሎ ከጉድሎ እዩ?።




**ንካርድኹም ብጥንቃቐ ሓዝዎ።**
**ንመተግበሪ ናይ ኤን.ኤች.ኤስ./NHS**
**እውን ክትፍትሽዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

# ክታበት - ነቶም ዝያዳ ኮነተ-ተኣፋፍነት ዘለዎም ሰባት ምሕጋዝ

**ንክታበት ኮቪድ-19 ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ምስዘድልየኩም: ብኽብረትኩም ኣብዚ እተዉ፥-**

www.nhs.uk/conditions/coronavirus-covid-19/coronavirus-vaccination/coronavirus-vaccine/





© Crown copyright 2023

V7. 3M MAR 2023 (APS). Product Code: COV23WTTIG Tigrinya
UK Health Security Agency gateway number: 2022821

እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብመልክዕ ብረይልን ኣካላዊ ምልክት ዓዲ-እንግሊዝ ዝሓዘ ተንቃሳቓሲ ስእልን፥ ከምኡ’ውን ብመልክዕ ፍሩያት ፊደላት ዝሓዘ ሕትመት ክርከብ ይከኣል። ናብ ልዕሊ 26 ቋንቋታት እውን ተተርጒሙ ኣሎ። ቅዳሕ ንኽትእዝዙ ናብ www.healthpublications.gov.uk እተዉ ወይ ብቝጽሪ ተሌፎን 0300 123 1002 ደውሉ።